ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣብ ዓዲ-ሓ ንዘስርሖ ዘሎ ህንፃ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ፒፒሲ ሲሚንቶ፣ሓሸዋን ጃህያን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 24, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 2, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓኒ ዋጋ:20,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 8, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቑሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ህንፃ መሳርሒ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣብ ዓዲ-ሓ ንዘስርሖ ዘሎ ህንፃ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ፒፒሲ ሲሚንቶ፣ሓሸዋን ጃህያን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም፤

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ናይ ቫት ተመዝገብቲ መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት (TIN) ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኳኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረትቲ ብር 20,000(ዒስራ ሽሕ)ናይ ጨረታ መኽበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ(cpo)ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ::

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ (ነንበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሸጎም ብምቅራብ ናይ ድርጅቶም ማህተም ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ብንፁር ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም። ስፒኦ (cpo) ድማ ንበይኑ ፖስታ ተዓሽጉ ምስ መወዳደሪ ዶክመንት ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ፤

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ሰነድ ጨረታ ወፃኢ ምምላእ ኣይከኣልን፤

5. ተጫረቲ ድሕሪ ሳፅን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝብል ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን/ናብ ትካልና ኣታዊ ይኸውን ማለት እዩ/

6. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 300.00(ሰለስተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ:- 212 ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ።

7. ዝሰዓረ ተጫራታይ ሰዓራይነቱ ምስ ተነገሮ ካብ ዝሰዓሮ ጠቕላላ ዋጋ 10% (ዓሰርተ ፐርሰንት) መኽበሪ ውዕሊ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝኽእል፤

8. ዝሰዓረ ተጫራቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዓዲ 'ሓ'' ናብ ዝርከብ ሳይትና ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት (መጓዓዓዝያ)መፅዓንን መራገፍን መሰል ወፃእታትን ሓዊሱ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ከረክብ ዝክእል።
9. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 23/04/2017 ክሳብ 02/05/2017 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ ሳፅን ጨረታ ዕለት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

02/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ትካልና ቢሮ ቁፅሪ-212 ይኸፈት:: ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

10. እቲ ብተጫረትቲ ዝምላእ ዋጋ ቫት ሓዊሱ ብናይ ኢትዮጵያ ብር ይኸውን፤

11. ካብ ብር 10,000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 3000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 2% (withholding tax) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ፡

12. ናይ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 15 መዓልቲ እዩ፤

13. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20% መጠን እቲ ጨረታ ክዉስኽ ወይ ክቕንስ ይኽእል፤

14. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

ኣድራሻና:- ኣብ 16 ቀበሌ ኣዳነ ሓጎስ ህንፃ (ናይ ዶ/ር ማርቆስ ሆስፒታል ዝነበረ) ቀዳማይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ንርከብ፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0967-568418/0967-557103 ምሕታት ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle